# እዚ ተረኽቦ ካብ ግምትና ወጻኢ ድዩ?
(ብንኣምን የሕደጎ)

በቲ ኣብ ካለኣይ ምዕራፍ ጉባኤ ኪዳን ዘጋጠመ ተረኽቦ ዝተሻቐሉ ኤርትራውያን ብዙሓት ምዃኖም ዘተሓታትት ኣይኮነን። ከም ውጽኢት ናይዚ ሻቕሎት ድማ እዚ ተረኽቦ'ዚ ንናይ ኩሉ ቀልቢ ስሒቡስ ከም ኣገዳሲ እዋናዊ መጽሓፍን መዛረብን ኣጀንዳ ኮይኑ ቀሪቡ ኣሎ። እዚ ክበሃል እንከሎ ኣብቲ ዘጋጠመ ናይ ደለይቲ ለውጥን ጸረ-ለውጥን ወገናት ምፍጣጥ ኩሉ ሓደ ርኢቶን ሚዛንን ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። ኮታ ገሊኡ ንርኢቶ ናይቲ ሰለስተ ውድባት ዝሓቑፍ ብሎክ ሓደ ይድግፍ ገሊኡ ድማ ነቲ ሸውዓተ ውድባት ብኣባልነት ዝርከበኦ ብሎክ ክልተ ይድግፍ። ነንዝድግፎ ብሎክ ብምሕጋዝ ድማ ይጽሕፍን ይካታዕን ኣሎ።

ኣነ ኣብዚ ናይ ሎሚ ጽሑፈይ ነቲ ቅኑዕ ኢለ ዝኣምነሉ ወገን ማለት ብሎክ ሓደ ደጊፈ ናይ ምትንታን ዕላማ የብለይን። እንተኾነ እዚ ተረኽቦ እዚ ምስ ኣጋጠመ ከሻቕለና'ኳ ባህርያዊ እንተኾነ ካብ ግምታትና ወጻኢ ዝመጸ ሃንደበታዊ ተረኽቦ ከምዘይኮነ ክጠቅስስ እደሊ። ኩላትና ከም ዘይንርስዖ ርሑቕ ከይከድና ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ ዓመታት ነታ "... **ኪዳን ንውድባት ካብ ነንሓድሕድ ምንቛር ምድሓኑ'ኳ ቀሊል ተዘይኮነ፣ ብመንጽር ናይ ህዝብና ትጽቢትን ኣብ ሃገርና ዘሎ ክውንነትን ክረአ እንከሎ ግና ዝሰረሖ የለን...**" እትብል ምሉእ ሓሳብ ክነኮማስዓ ጸኒሕና ኢና። እዚ ጥራይ ኣይኮነን "... **እዚ ኪዳን እዚ ኣብ ውሽጡ ምትእምማን ስለ ዘየዕኾኸን መሰረታዊ ናይ ርኢቶ ፍልልይ ስለ ዘለዎን ግዜኡ ኣብ ምትሕልላው እዩ ዘሕልፎ ዘሎ...**" ንብል ዝነበርናውን ውሑዳት ኣይኮናን። ኣብ ብቕዓት ኣባላት መሪሕነት ፈጻሚ ኣካል ኪዳን ዝነበረና ዕሪምሪም እውን ክንድኡ እዩ።

ካብዚ ሓሊፉ ናይ ውድባት ምብዛሕ ካብቲ ንህዝብና ክሰክፎ ዝጸንሐ ቀንዲ ጉዳያት ሓደ ኮይኑ ጸኒሑ እዩ። እዚ ሰኽፍታ'ዚ ብሓደ ወገን እትቕበሎ ኽሸውን እንከሎ በቲ ካልእ ወገን ድማ ተተባብዖ ኣይነበረን። ማለት እቲ ግድን ኣብ ደምበ ትቓውሞ ሓደ ውድብ ጥራይ ክህሉ ኣለዎ ዝብል ዝነበረን ዘሎን ርኢቶ ተቀባልነት የብሉን። ስለምንታይ ናይ ዜጋታት ከከም ፖለቲካዊ እምነትካ ናይ ምውዳብ መሰረታዊ ዲሞክራሲያዊ መሰል ስለ ዝጻረር። በቲ ካልእ ወገን ድማ እቲ ብጉልባብ ብዙሕነት ዝካየድ ዝነበረ ህርፋን ስልጣንን ናይ ጸቢብነት ስምዒትን ዝመሰረቱ ብዙሕነት ዝድገፍ ኣይነበረን። ስለምንታይ ንብዙሓት ውልቃውን ጉጅላውን ስምዒት እምበር ህዝባዊን ሃገራውን መሰረታዊ መቐምታት ንዘየብሉ ፍልልያት የተባብዕ ስለ ዝነበረን ዝኾነን።

ስለዚ ካብዚ ክልተ ጫፋት ንምድሓንን ክሳብ ሕጂ ኣብ ደምበ ትቓውሞ ይሕንብስ ካብዘሎ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ርኢቶታትን እምነታትን ብምንቃልን ክንደይ ውድባት እንተሃለወ ርትዓዊ እዩ ኢሎም ከም ዝኣምኑ ግምቶም ክህቡ ጸኒሖም እዮም። መብዛሕትኦም ዝህብዎ ዝነበሩ ግምት ድማ ሰለስተ ውድባት ዝብል እዩ ነይሩ። ነቲ ዘሎ ብዝሒ ውድባት ናብ ሰለስተ ከውርድዎ እንከለዉ ድማ **ሕብረ-ብሄራዊ፣ ሃይማኖታውን ብሄራውን** ብዝብል ርትዓዊ ኣቀማምጣ ይጠቕስዎ። ኣብ ትሕቲ ጽላል ሓንቲ ካብዘን ዝተጠቕሳ ሰለስተ ፖለቲካዊ እምነታት ካብ ሓደ ውድብ ንላዕሊ ምህላዉ ድማ ቅቡል ከም ዘይነበረን ዘይኮነን

ብዙሓት ዝረዳድእሉ እዩ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ረብሓ ህዝብን ሃገርን ዘይኮነስ ውልቃዊ ወይ ድማ ጸቢብ ጉጅላዊ ረብሓ ቅድሚት ተዘይ ተሰሪዑ ልዕሊ ሰለስተ ውድባት ክድይብ ከም ዘይክእል ናይ ብዙሓት እምንቶ እዩ። ምናልባት ነዚ ዕስራ ሰላሳ በጺሑ ከም ዘሎ ዝንገረሉ ውድባት ናብ ሰለስተ ከተውርዶ እንክለኻ ሓደሓደ ፍልልያት ኣየጋጥምን ማለት ኣይኮነን። እንተኾነ ሓልዮትን ሓላፍነትን ተተወሲኽዎ፣ እንተኾነ ንምሉእ ሓድነታዊ ምትሕንፋጽ ካብኡ ሓሊፉ ንኣዝዩ ስጡም ምውህሃድ ይኽልክል እዩ ማለት ዘበት እዩ። ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ንምምስራት ዝተወስደ ስጉምቲ ድማ ምስ ኩሉ ሓጐጽጐጹ ኣውንታዊ ኣብነት እዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ስለዚ ናይ'ዚ ውድባት ካብ ሰለስተ ንላዕሊ ምብዛሕ ቀንዲ መሰረቱ ዒራ መን ከይቆጻጸረኒ ብዝብል ዕቡይን ዘይሓላፍነታውን ስምዒታት ከብድኻ ንምግፋሕ ዝተማህዘ ተንኮል ጥራይ እዩ። ጥራሕ መራሒ ውድብ ተባሂለ ብስመይ ማሕተም ይቀረጽ እምበር ደሓርስ ሞት ከም ኣዳም ዝብል ኣካይዳ እውን ኣብ ደምበ ተቓውሞ ብንጹር ዝርኤ ዘሎ እዩ።

ብርኢቶይ እዚ ድሕሪ ጉባኤ ኪዳን ዝተራእየ ምክፍፋል ምስዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ ክውንነት ዝምድና ኣለዎ። እዚ ማለት ግና ግቡእን ናይ መወዳእታን ቅርጹ ሒዙ ማለት ኣይኮነን። ነቲ ኩነታት ኣድቂቑ ንዝተዓዘቦ እዚ ናይ ብሎካት ፍልልይ ኣብ ምምራጽ መሪሕነት ተጋሂዱ እምበር ኣብቲ ቻርተር ንምምሕያሽ ዝተኻየደ ተሪር ክትዕ እውን ተንጸባሪቑ እዩ። እቲ ቻርተር ግድን ክመሓየሽ ኣለዎ ኢሉ ዝምክት ዝነበረ ወገን እዚ ሕጂ ብሎክ ሓደ ተባሂሉ ዘሎ ወገን እዩ። እዚ ድማ ካብቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ሰፊሩ ካብ ዘሎ ሰለስተ ፖለቲካዊ ርኢቶታት ነቲ ሕብረ- ብሄራዊ ክፋል ዝውክል እዩ። ኣብ ነንሓድሕድ እዚ ንብሎክ ሓደ ኣቑሙ ዘሎ ውድባት ንኡሳትን ግዜ በሊዖም ክሃሱ ዝኽእሉን ፍልልያት የለዉን ማለት ኣይኮነን። ብርኢቶይ ነዚ ንምብሳል ንውሕ ብዝበለ ናይ ምውህሃድ ግዜ ምሕላፍ ኣድላዪ እዩ። ስለዚ ንእግሪ መንገደይ ክጠቕሶ ዝደሊ ካብ ፖለቲካዊ ባህሊ ወጻኢ ብናይ ሓሳብ ፎርምላ ሰለስተን ሸውዓተን ውድባት ምውድዳር ጥራይ ውሕልነት ዘለዎ ኣይመስለንን። ብኣንጻሩ ቁጽሪ ውድባቱ ብዘየገድስ ሓደ ካብቲ ሰለስተ ርኢቶታት ኣብ ደምበ ተቓውሞ ከም ዝውክል ምቕባል ዝያዳ ውሕሉል ኮይኑ ይስመዓኒ። እቲ ካልእ ናይዚ ብሎክ ብልጫ ነቲ ንነዊሕ እዋናት ከሳቕየና ዝጸንሐ ናይ ጀብሃ-ሻዕብያ ናይ ሓሶት መንደቕ ኣብ ምፍራስ እምውን ኣብነታዊ ስጉምቲ ወሲዱ እእዩ።

እቲ ሓደ ብሎክ ክልተ ተባሂሉ ዘሎ ብሎክ ኣብቲ ቻርተር ንምምዕባል ዝተኻየደ ሕያል ቃልሲ ገሊኡ ኣግሂዱ ብብቕዋም ዝተኸራኸረን ኣብ መወዳእታ እውን ኩራኡ ዘመዝገበን እዩ። ገሊኡ ስግድግድ እንዳበሎ ምስ ምቕዋም ዝነፍስ ንፋስ ምስ ሰኣነ ዝተቐበለ እዩ። እቲ ዝተረፈ ክፋሉ ድማ ናብ ጉባኤ ክኣቱ እንከሎ ናቱ ውዱእ ርኢቶ ዘይነብሮ ምስ ዝሓየለ ክጐራበት ዝወሰነ እዩ። እነሆ ድማ ተጠቓሊሉ ምስቲ ሓበጀረዋይ ርኢቶኡ ኣብ ምምዕባል ቻርተር ኣብ ሓደ ብሎክ ኣትዩ። ብመንጽር እቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ መሰረታዊ ርኢቶታት ኣብ ደምበ ተቓውሞ ብሎክ ክልተ እቲ ክልተ ርኢቶታት ዘቖሞ ናይ ልፍንቲ ብሎክ እዩ። እሞ ድማ ሓደ ኣንጻር እቲ ሓደ ተሪር ተቓውሞ ዝነበሮ።

ናይዘን ኣብ ብሎክ ክልተ ዘለዋ ውድባት ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ እንተመርሚርና እተን ሃይማኖታዊ ውድባት ንኤርትራ ኣብ ክልተ ማለት ኣብ መንጎ ክርስትያንን

እስላምን መቒለን እየን ዝርእይኣ። ካበየናይ ብሄር ኮነ ኣውራጃ ይኾን እቲ ኣብ ምስልምና ዝኣምን ኤርትራዊ ክከፋፈል ኣይደልያን። ካብዚ ብምንቃል ነቲ ናይ እምነት ፍልልዩ ብዘይገድስ ናይ ሓደ ብሄር ኣባል ብሓባር ክውደብ ኣለዎ ዝብል መርገጽ ብሄራዊ ውድባት ኣይቅበለኦን። ኮታ ኣብ ኤርትራ ብሽሪዓ ዝምራሕ መንግስቲ ኤርትራ ክምስርታ ይሕልና። በቲ ሓደ መንጽር ድማ እዘን ኣብ ብሎክ ክልተ ዝኹድዳ ዘለዋ ብሄራዊ ውድባት እምነቱ ብዘየገድስ ናይ ሓደ ብሄር ኣባል ኤርትራዊ ብሓደ ክውደብ ኣለዎ ይብላ። ኮታ ንኤርትራ ኣብ ሽሞንተ ወይ ትሻዕተ ከፋፊለን ይርእየኣ። ኣብ መጻኢት ኤርትራ ዘይ ሃይማኖታዊ መንግስቲ ክህልው ድማ ይጽዕታ። እተን ዝተረፋ ውድባት ድማ ኣብዚ ክልተ ፖለቲካዊ እምነታት እትው ውጽእ ዝብላ እየን። ናይዚኣተን ቀንዲ ማእከል መን ሓየለ መሪጽካ ናብኡ ምጽጋዕን ኣብ ስልጣን ምውጋይን እዩ።

ብርኢቶይ ናብቲ ኣቐዲምና ዝተቐስናዮ ሰለስተ ርኢቶታት ክሳብ ዝብጻሕ፣ ሕጂ እውን ኣብ ብሎክ ክልተ ኣንቆራ ክረኣይ ናይ ግድን እዩ። ምናልባት ግና እዞም ማእከሎም በበይኑ ኮይኑ ግና ካብ ርኢቶ ሕብረ-ብሄራዊ ብሎክ ስለ ዝፈርሑ ዝጫነዉ ንዝተወሰነ ግዜ ብሓባር ተተይ ይብሉ ይኾኑ። ደሓር ኣብ መንጎ ብሄራውን ሃይማኖታውን ውድባት ምፍልላይ እንተተፈጢሩ እውን ዝተጸበናዮ ስለ ዝኸውን ከም ሓድሽ ንዛረበሉ ክኸውን'ዩ ዝብል ትጽቢት የብለይን። ስለዚ ናይ ኪዳን ተረኽቦ ዝገመትናዮ እምበር ሃንደበታዊ ስለዘይኮነ ብህድኣት ክንገጥሞ ይግበኣና።

ዝኾነ እንተኾነ ግና ከምቲ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ኣስመራ ባዕሉ ዘጽደቖ ሕገ-መንግስቲ ዓጺፉ ካብ ስልጣን ኣይወርድን እየ ዝብል ዘሎ፣ ሑሴን ከሊፋ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ባዕሉ ዘጽደቖ ቅዋም ዓጺፉ ካብ ስልጣን ኣይወርድን እየ ክብለና እንከሎ ከም ዘይንዕገሶ ኩሉ ክፈልጥ ይግበኦ። ናይ ኩሉ ደላይ ለውጢ ህዝብና ድሌት እውን ካብዚ ዝተፈልየ ከም ዘይኮነ ርግጸኛታት ኢና።

ክብርን መገስን ንሰማእታት ኤርትራ
11 መጋቢት 2007